## ኣብ ክተማ ክረፈልድ ህዝባዊ ኣኼባ ተኻይዱ

**ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ**
**ኤ.ህ.ምን ሰ.ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤን**
30.11.2009

ብ28 ሕዳር 2009 ኣቶ ኣማኒኤል ሃብተ፡ ኣባል ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ጀርመን ከተማ ክረፈልድ፡ ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ።

እቲ ኣኼባ ብናይ ወይዘሮ ኣድያም ተፈሪ፡ ኣባል ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽትን ናይ ምልላይ መደብን ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ኣቶ ኣማኒኤል ሃብተ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ህዝብናን ደምበ ተቓውሞን ብሓፈሻ፣ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን  ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራስን ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ሓድነት ድማ ብፍላይ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ኣቶ ኣማኑኤል ሃብተ፡ እቲ ጀብሃን ሻዕብያን ዝብል ፍልልያትን፣ ዝሰዓረ ኵሉ ይወስዶ፡ ዝተሳዕረ ከኣ ባዶ ኢዱ ይወጽእ፡ ዝብል ስነ-ኣእሙሮን ንመስርሕ ሓድነት ዕንቅፋት ከይኑ ከምዝጸንሐ ኣብሪሁ። ሎሚ ግን፡ ካብ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ወጺእና፡ ተመሳሳሊ ርእይቶ ዘለዎም 4 ውድባት ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ታሕሳስ ሓደ ሰልፊ ክንምስርት ንሸባሸብ ኣሎና ኢሉ። ይኹን እምበር፡ ነዚ ናይ ሓድነት ጉዕዞ ዝጻብኡን ካብ'ቲ ዝበለየ ኣተሓስስባ ጌና ዘይተጋላገሉን ሸነኻት፡ ነቲ ናይ ሓድነት መስርሕ ክዓናቕፉን ዘይትርጉሙ ክህቡን ዝፍትኑ ምህላዎም ውን ጠቒሱ። ኣስዒቡ፡ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ምንቅስቓስ ዲሞራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲትን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ድማ ብፍላይ ነዞም ኣተሓሳስባታት እዚኣቶም ብቐጻልነት ክብድህዎ ተላብዩ።

ብድሕር'ዚ፡ ናይ ሕቶን ርእይቶን መድረኽ ተኸፊቱ። ኣኼበኛታት ንዝቐረበሎም መግለጽን መልስታትን ብምምጓስ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣኼባታት ብቐጻልነት ክግበር ተላብዮም